# ናይ 1973 ዝነበረ ምንቅስቓስ

ወርሒ 10/ 1973 ናይ 1973 ዝነበር ምንቅስቓስ  ብከምዚ ኣገባብ ይጅምር* በራኺ ፈንቅል ጸጋይ ቀሺ ኣድሓኖም ኢሰያስ ተወልደብርሃን ኮይኖም ንኢሰያስ ኣፈወርቂ ከምዚ ይብልዎ፡- እዚ ኩሉ ኩነታት ኣምጺእዎ ዘሎ ሰለሙን ወልደማርያም ኢዩ። ምኽንያቱ ካብ ቀደም ጅሚሩ ዝገብሮ ዝነበረ ናይ ኣውራጃ

ወርሒ 10/ 1973

**ናይ 1973 ዝነበር ምንቅስቓስ**

**ብከምዚ ኣገባብ ይጅምር***

1. በራኺ ፈንቅል
2. ጸጋይ ቀሺ
3. ኣድሓኖም
4. ኢሰያስ ተወልደብርሃን

ኮይኖም ንኢሰያስ ኣፈወርቂ ከምዚ ይብልዎ፡- እዚ ኩሉ ኩነታት ኣምጺእዎ ዘሎ ሰለሙን ወልደማርያም ኢዩ። ምኽንያቱ ካብ ቀደም ጅሚሩ ዝገብሮ ዝነበረ ናይ ኣውራጃ ምንቅስቓስ ሕጂ'ውን ጀሚርዎ ኣሎ። ስለዚ ንህ ዘሎና ኩሉ ክንፍድሖ ኢና። ኣጋጣሚ ኮይኑ ከአ ሽጋራ ስለ ዝተኸልከለ፤ ነቶም ደቂ ሰራየን ደቂ ኣከለጉዛይን ብሽጋራ ይሰብኮም፣ ንቶም ደቂ ሓማሴን ከአ ብኣውራጃውነት ይሰብኮም ኣሎ። ስለዚ ንሕና በብእንፈልጠሉ ክንፍድሖ ኢና። ህዝቢ ከኣ ምንም'ኳ ከይፈለጠት ትኹን'ምበር ትንፍሓልና ኣላ። ስለዚ ነዚ ሰብ'ዚ ክንፍድሆ ኢሎም ፍቓድ ካብ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሓተቱ።

<u>ኢሰያስ ኣፈውርቂ፡</u>– ቅንዕናኹም ይሓግዝኩም ድኣ'ምበር ጉሩፖይ ክብልኹም ኢዮም። እምበር ሓሳቡስ ጽቡቕ ኢዩ። ኣነ'ውን ብግደይ ክሕግዘኩም፣ ማለት ምሳኹም ኮይኖም ዝሰርሑ'ውን ሰለ ዘድሊ፣ እዞም ዚስዕቡ ሰባት ወስኹ።

1. ርእሶም ግደይ
2. ሃይለ መንቆርዮስ
3. መሓሪ ግርማጽዮን
4. ወልደሚካኤል ገ/ማርያም
5. ወልደርፋኤል ስባህቱ
6. መብራህቱ ወልዱ
7. ተስፋይ ይትባረኽ

በዚ ተሰማሚዖም ድማ ነዞም ዳሕረዎት 7 ሰባት ጸውዑና'ሞ እቶም 11 ተጋደልቲ ተራኺብና። ብዛዕባ እንዛረበሉ ኣርእስቲ ከአ ተላዒሉ፣ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ዘሎ ዘይምቅዳው ንምርኣይ – መሪሕነት ክጽውዑ ምዃኖም ድማ በርሃልና።እሞ ክንሰምዖም እዚ ኩሉ ዝግበር ዕግርግር ናቶም ዘይምስምማዕ ኢዩ'ውን በሉና።

ካብዚ መሪሕነት ተጸዊዖም መጹ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣቦ-መንበር ከይገበሩ ከአ ዘረባ ብወዲ ፈንቅል ተጀመረ። <u>በራኺ ፈንቅል፡-</u> <u>-</u>መሪሕነትንሕና ኢና ጸዊዕናኹም ዘሎና፣ ኣብ መንጎኹም ዘይምስምማዕ ዘሎ ኩሉ ገልጹልና በሎም። ካብዚ ኢሰያስ ከም'ዚ እናበለ ዘረባኡ ጀመረ።

<u>ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡-</u> ኣነ ናይ ብሓቂ ክሳብ ሎሚ ቀሺ ኮይነ ኢየ ዘካይዶም ነይረ። ናይ ብሓቂ ጃህራ ከይመስለኩም፣ ኣነ ነዞም ሰባት እዚኣቶም ክሳብ ሎሚ ቀሺ ኮይነ'የ ዝካየድ ነይረ። ናይ ብሓቂ እዚ ኩሉ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ ሰለሙን ኢዩ። እሞ ሰለሙን ሰብ ምጽላም ትገድፎ። ንኪዳነ ክፍሉ'ውን ኣውራጃዊ ኢዩ ኢልካኒ ኔርካ ኢኻ።ከምኡ'ውን ንስኻ ሰለሙን ንካልኦት ሰባት ስሞም ተጸልም ኔርካ ኢኻ። ስለዚ ሰለሙን እዚ ጠባይ'ዚ ትገድፎ። ንስኻ ኣውራጃዊ ኢኻ! ኣብ ናይ መወዳእታ

ዘረባይ፣ ንስኻ እዚ ጠባይ’ዚ ትገድፎ (ምስ ተግሳጽን ምፍርራሕን) እናበለ ዘረብኡብምቕጻል …ከምኡ’ውን እኒ ኣልኣሚን ስራጅ ዘዕገርግሩ ዘሎዉ መዝነት ስለ ዘይረኸቡ እዮም። ናይ ብሓቂ በዓል ወዲ ስራጅ ንሕና ዋላ ሓንቲ ክንፈልጥ ኣይከኣልናን፤ ሓላፍነት እንተሃብናዮም ጾር ናይ ጋንታታት ኢዮም ዝኾኑ። እዚ ናይ ወዲ ስራጅ ክኸውን ከሎ፤ ብዛዕባ ተመስገን ናይ ብሓቂ ፈራሕ ኢዩ። ሓንቲ ክገብር ዘይክእል ሰብ ኢዩ …እናበለ ብምቕጻል፣ ናይ ዓርኩ ሚካኤል፡ ናይ ሃይለ፡ ናይ ታደሰ ዝንፍሑልና ዘለዉ ኣነ ዋላ ሓንቲ ክፈልጥ ኣይክእልን ይብል። ነዞም ሰባት እዚኣቶም – ኣነ ኢሰያስ ኣነ – ታሕቲ ወሪደ እንታይ ኳንኩም ክብሎም ኣይክእልን ኢየ። እዚ ብዛዕባ እዞም ዘዕገርግሩ ዘለዉ ግደ ኢዩ። ብዛዕባ ናይ እዘን ኣዋልድ፣ ናይ ብሓቂ ኣነ ደጋጊመ ኣብ ቅድሚኣን ይኹን ብድሕሪኣን ዝብለን፡ ንሳተን ዒራ ናጻ ዘይወጻ ኢየን። ኣብዚ ንሕና ምስ ቀጻዕናየን ንዝኾነ ይኹን ዝመጸን ሰብ፡ ከምዚ ቀጺዕምና’ባ ጌሮሙና እናበላ ንሓልፍቲ መገዲ ዘውርያ ዘለዋ። እዚ ሓራ ከም ዘይወጻ ዘረጋግጸልካ ኢዩ …እናበለ ዘረብኡ ዓጸወ።

ካብ’ዚ ቀጺሉ ወዲ እዮብ፣ ተወልደ እዮብ፡- ሰለሙን እዚ ኩሉ ዘዕገርግር ዘሎ ንኢሰያስ ከውርድ ደልዩ ኢዩ። እምበር ካባና ንላዕሊ መዝነት ኣለዎ። ሰለሙን ሎሚ ጥራይ ኣይኮነን ዘዕገርግር ዘሎ፡ ካብ ግዜ ሳልሰይቲ ክፍሊ ጀሚሩ ኢዩ። ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ከሎና፡ ኣነን ንሱን ኣስመኣምን መምህር ተኸለን ከምኡ’ውን ካልኣት ኣብ መንጎና ነይሮም፣ ከምዚ ኢልና ተሰማማዕና። ንሕና ንከበሳ ደይብና ንህዝብና ከነረድእ ፍቓድ ንሕተት ኢልና ፍቓድ ሃቡና ኢልና ርእይቶ ኣብ ዘቕረብናሉ ጊዜ፡ ድሕሪ ቅሩብ ጊዜ ድማ ነዚ ሓሳባት ዘቕረብናዮ ምስ ተረድኡ ንሰለሙን ወሲዶም ንዓ ተሓዝ ገንዘብ ክንገብረካ በልዎ። ንሱ ድማ ሓራይ በሎም። እዚ ከአ ጥልመት ኢዩ። ቀጺሉ’ውን ሰለሙን ንወዲ ሓረጎት ካባና ሓቢኡ ምስ በዓል መሓመድ ኢብራሂም ኣራኺቦ። እዚ’ውን ጥልመት ኢዩ …እናበለ ዘረባኡ ዓጸወ።

ካብዚ ቀጺሉ በራኺ ፈንቅል፡- ንስኻ ሰለሙን ኣውራጃዊ ኢኻ። ንስኻ ንኣብራሃም ተወልደ ኣውራጃዊ ኢዩ ትብል ዝነበርካ ኢኻ። ንመረጋገጺ ክኾኖኩም ከኣ፡ ንወልደንኪኤል ሃይለ ኣብራሃም ተወልደ ምስኡ ኣትሪፍዎ ወዲ ዓዱ ስለ ዝኾነ ኢሉኒ። ኣነ ብጣዕሚ ሰንቢደ ንስኻስ ከምዚ ክትብል ኢለ ተቖጣዕኩ። ንስኻ ሰለሙን ካብ ቀደም ኣውራጃዊ ኢኻ (ምፍርራሕ እናሓወሰ)። ንስኻ ሰለሙን ከከም ሓይልኻ እንተዝኸውን፡ ንዓኻ ካሶቲ ጌረ ቀሊዐ ኣብ ገረብ ምስቐልኩኻ፡ ካብኡ ኣውሪደ ድማ ኣብ ጁባይ መእቶኩኻ … እናበለ ምስ ብዙሕ ምፍርራሕን ምጕብዕባዕን ይዛረብ ነበረ።

ካብኡ ደጊሙ ተወልደ እዮብ፡- ኣነን ኣስመሮምን ኣብዚ መሪሕነት’ዚ ክንነብር ዘይንኽእል ደቂ-ሓማሴን ብዘይምዃና ጥራይ ኢዩ። ኣነ ኣብዚ ግዜ’ዚ ንባሕሪ ኣቢለዶ ክኸይድ ወይሲ ኣብ’ዚ ሜዳ’ዶ ፈጺመ ምግዳል ክሓድጎ ሓሳብ ይመጸኒ፤ ግና ኣብዚ ግዜ’ዚ ምህዳም ኮይኑ ስለ ዝስማዓኒ ኢየ ኮፍ ኢለ ዘሎኹ። ሰለሙን እዚ ኩሉ ትዛረብዎ ዘሎኹም ሽኮር-ሽኮር ኢይ ዝጥዕሞ። ኣመሉ ኣይሓድግን ኢዩ፤ እዚ ነገር’ዚ ኣብ ሓቁ ክበጽሕ ኣለዎ እናበለ ዘረብኡ ደምደመ።

ቀጺሉ ኣድሓኖም፡- ኣነ ዋላ’ኳ ሓድሽ ተሰላፊ እንተኾንኩ ክዛረብ መሰል ኣሎኒ። ኣነ ብገበነኛ ክምራሕ ኣይደልን ኢየ። እዚ ነገር’ዚ ኣብ ሓቁ ክበጽሕ ኣለዎ። ኣብ ሓቁ እንተዘይበጺሑ ከከላሽና ክዓርቀና ኢዩ። ነዚ ነገር’ዚ ከዐርይዎ ዝኽእሉ ከአ እዞም ደቂ ሓማሴን እዮም። ንሕና ዋላ ሓንቲ ክርድኣና ኣይክእልን፣ ሰለሙን ስለምንታይ ኢዩ ተነፊሑልና ዘሎ።

መብራህቱ ወልዱ፡- ንስኹም ሰብ ብዘይገበሮ እናኽፋእኩም፡ እዘን ኣዋልድ ክግበራ እየን ንታሕቲ ወሪደን፡ ዝገብርወን ሰባት ኣሎዉ ወዘተ… እናበልኩም ተካፍኡና ሰለ ዘለኹም ምሳኹም ክንዛረብ ኣይንኽእልን። እዚ ዝበለኒ ከአ ሰለሙን ኢዩ። ዝያዳ

መረጋገጺ ክረክብ ዝኸኣልኩ ከኣ፡ ካብ ኵናት ፋሕ ምስ ተመለስና ኣብ ኣልጌደን ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከምዚ በለና፡- እዚ ኵናት'ዚ ንመጀርመርያ ግዜ ኣብ ሰልፍና ይርከብ ኣሎ። ድሕሪ ደጊም'ግን ኣይክድገምን ኢዩ። ሕጂ ግና ትኽ ኢልኩም ንተቢሕ ትኸዱ በለና። እሞ ካብኡ ኣነ (ሙብራህቱ) ተመሊሰ ንኢሰያስ፡ ንሕና ደኺማና ኣሎና፣ ማይ ጽምኢ ይኹን ጥሜት ኣሎና፣ ስለዚ ኣብ'ዚ ክንውዕል ንደሊ ኣሎና ኢለ ምስ ሓተትኩዎ ...ኣይግድሰንን ኢዩ ትኸዱ በለና። ስለምንታይ መቕጻዕቲ ድዩ ምስ በልኩ፡ ንስኻ ኢሰያስ ድማ ሽርሙጣ ኢልካ ጸረፍካንን ቀጻዕካንን በሎ። እዚ ከኣ ንኣይ ጭቡጥ ነገር ኮይኑኒ በለ።

<u>ኢሰያስ ኣፈወርቂ</u> ክምልስ ከሎ፡- ሙብራህቱ መትመስመሲ ኢዩ። ኣነ ዝበልኩዎ ንላዕሊ ትኸዱ። ንሱ ከኣ መቕጻዕቲ ድዩ ዘብል ኣይነበሮን። ከምኡ'ውን ሰለሙን ነዘን ኣዋልድ ከምዚ ኢሉወን ዝብልሲ እንታይ ክጥቀመላ ደልዩ ኢዩ? ኣነ ኢለየን እየ፤ ግና እንታይ ክትጥቀመላ ደሊኻ ኢኻ? እዚ ካብቲ ብዙሕ ትጥቀመሉ ሽጣራታት ሓደ ነቃዕ ኢዩ በሎ።

<u>ኣስመሮም ገብረዝግኣብሄር፡-</u> ሰለሙን ንኣይን ንወዲ እዮብን ክትፈላልየና ትደሊ ኔርካ። ንኣብነት ንኣይ ወዲ እዮብ ንዓዱ ከይዱ ኢልካኒ። ከምኡ'ውን ኣነ ኣስመሮም ንዓደይ ከም ዝኸድኩ ኣምሲልካ ፈኒኻ። ኣነ ብዙሕ ሓሪቐ፣ ግና ንኣኻ ሓቲተካ ሓሲኻ ምኺንካ ድሕሪ ምፍላጠይ፤ ስለምንታይ ከምኡ ትገብር ኢለ ምስ ሓተትኩኻ ...ከሕርቐካ ደልየ ኢልካኒ። እሞ ብስራሕ ስለምንታይ ትጻወት? ከምኡ'ውን ንስኻ ሰለሙን ኣብ ወገን ብፍላይ ትገብሮ ዝነበርካ ኣውራጃዊ ምንቅስቓስ፣ ብእኒ ወዲ ወልዱ ጌርካ፡ ኩሉ ዝፈልጠ እዩ በሎ።

<u>ሙብራህቱ ወልዱ</u> ተንሲኡ ከምዚ ይብል፡- ንስኻ ኣስመሮም ኣብ ክሳድ መጋሳስ ክልተ ጋንታታት ኣብ ዝነበርናሉ መዓልቲ ከምዚ ኢልና ሓቲትናካ። ንስኻ ኣስመሮም ስለምንታይ ሓሰውቲ ጌካልና? ኢልና ምስ ሓተትናካ ...መታን ክትማሃሩ ደልየ ኢየ ኢልካ መሊካልና። ባዕልኻ ተኣሚንካሉ እንዲኻ፡ ስለምንታይ ጌርካዮ? ስለምንታይ ሕጂ ንካልኦት ብከምኡ ትኸስስ?

<u>ኣስመሮም</u>፡- በዓል መን እዮም ነይሮም?

<u>ሙብራህቱ</u>፡- ንኣብነት ኣብ ጋንታና ከሰተ ነይሩ። ከሰተ ድሒሩ ከም ዝበለና፣ ኣነ ኣስመሮም ኣጋጉዩኒ ነይሩ። ግና ዋላ ሓደ ሰብ'ኳ ኣየመሓላለፍኩን፤ ኣበዚ ጋንታ ግና ጃሱስ ይብሉኒ ኣሎዉ ኢሉና። ንሕና ከኣ ቀጺልና ብዓል መን ምስኡ ይሰርሑ ከም ዝነበሩ ምስ ተወከስናዮ ...ንሱ ንኢሰያስ ተወልደብርሃን ጠቒሱልና በለ።

<u>ኣስመሮም፡-</u> ዒራ ከሰተ ሞይቱ ኢልካ ኢኻ ትዛረብ ዘሎኻ ኢሉ መለሰሉ።

<u>ጸጋይ ቀሺ፡-</u> ንኣይ ሰለሙን ኣታሊሉኒ ነይሩ። ግና ኣብ መጨረሽታኡ ኣውራጃዊ ስምዒት ከም ዘለዎ ተረዲኡኒ። ንኣብነት ሰለሙን ንኣይ ከምዚ በለኒ፡

ሀ/ እዞም ደቂ ኣከለጉዛይ ንኢሰያስ ከውርድዎ ደልዮም

ለ/ ንስኻትኩም ዝኾነ እትምጽእዎ ስንቂ ክትሓብእዎ ኣሎኩም፣ ምኽንያቱ ክፍለዩ ኢዮም ዝደልዩ ዘለዉ

ሐ/ ንስኻ ምስኦም ኣይትዛረብ ...ኢሉኒ። ካብዚ ንድሓር ኣነ'ውን ሰለሙን መን ምኳኑ ስለ ዝፈልጥኩዎ፡ ካብኡ ክርሕቕ ጀመርኩ ይብል።

<u>ሡለሙን ወልደማርያም፡-</u>

ኣነ ካብ ሱዳን ምስ ተመለስኩ ንስኻ ጸጋይ ኢኻ ናባይ መጺእካ፣ ንሕና ፍልልይ ሰለ ዘሎና ጸገም ኣሎ ዝበልካኒ። ንስኻ ኢኻ ንኣይ በዚ ኣርእስት'ዚ ዘዛረብካንን ፍልልያት ምህላዉ ዘፍለጥካንን በሎ።

ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡- ንሕና (መሪሕነት) ክንከደልኩም፡ ባዕልኹም ነዚ ጉዳይ’ዚ ርኣይዎ። ምሉእ ሓላፍነት ኣሎኩም፡ ኢሉ ካብ ኣኼባ ወጸ’ሞ ዝተረፉ ኣባላት መሪሕነት’ውን ስዒቦም ወጹልና።

ካብዚ ነቲ ቀሪቡ ዝነበረ ክስታት ክስራዕ ተረዳዳእና፣ ክስታት እንደገና ወረደ።

1. ክሲ ብወዲ ፈንቅል፡-

ሰለሙን ኣውራጃዊ ኢዩ። ንኣብራሃም ተወልደ ከምዚ ኢሉ ክሓምዮ ሰማዕኩ፣ ኣብራሃም ንወዲ ሃይለ ኣትሪፍዎ ዘሎ ወዲ ዓዱ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ሰለሙን ጃህረኛ ኢዩ። ኣብ ቅድሚኡ’ውን ክብሎ እየ። ሰለሙን ንከጃሃር ኢሉ ዝገብሮ ዝነበረ ዘረባ-ፕሮፖጋንዳ፡ ኣነ (ሰለሙን) 500 ኮማንዶስ ኣሎዉኒ፣ ውጹ እንተበልኩዎም ዝወጹ፣ ዝንሑ እንተበልኩዎም ከኣ ክጸንሑ ዝኽእሉ እዮም እናበለ ከኣ ንቅያዳ-ዓማ ይዛረብ ነበረ። እቲ ንሱ ዘምጽኦ ጉድኣት ከኣ፡ እዞም ኵላቶም ኣሕዋትና ሞይቶም ዘሎዉ ብሰንኩ ብዝኣተወ ዘይምትእምማን ኢዩ ይብል።

2. ክሲ ብጸጋይ ቀሺ፡-

ሀ/ እዞም ደቂ ኣከልጉዛይ ንኢሰያስ ከውርድዎ ደልዮም

ለ/ ክፍለዩ ይደልዩ ኣሎዉ፣ ስንቂ ሕብኡ ኢሉኒ

ሐ/ ንስኻ ምስኦም ኣይትኺድ ኢሉኒ

መ/ ሰለሙን ንኣይ ውድብ ምስራሕ ከሊኦምኒ፤ ክንደይ ማሕበራት ነይረን ዝፈልጠን ግና ስለ ዝተኸልከልኩ ክራኸበን ኣይከኣልኩን በለኒ። ኣነ ድማ መገዲ ክህሉ ኣሎዎ ኢለ ምስ ሰብ ምስ ኣራኽብኩዎ ….ኣብ መጨረሽታ ዋላ ሓንቲ ዘይፈልጥ ናይ ምትላል ዓይነት ኮይኑ ረኺብኩዎ።

ብዝተረፈ ኢሰያስ ብወገኑ ዝተኸሰሶ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ኮይኑ፣ ንኩሉ ገዲፍና ነተን ክስታት ናይ ሰለሙን ፍልይ ኣቢልና ወሰድና። ከምኡ’ውን ክልተ ካልኦት ማለት ናይ ወዲ ሽሪፍን ናይ መስፍን ሓጎስን ዝነበራ ክስታት ተሪፉ ኣብ ልዕሊ ሰለሙን ምትኳር ብዓብላልነት ተሰማማዕና።

<u>ኢሰያስ</u>፡- ኣብ ልዕሊ ሰለሙን ከምዚ ይብል፡ ንኪዳነ ክፍሉ ኣውራጃዊ ነይሩ ኢልካ ይብሎ።

<u>ሰለሙን</u>፡- ኣነ ሓደ ኣስመሮም ዝበሃል ሰላይ ምሳና ዝነበረ …ኪዳነ ክፍሉ ብከምኡ ዓይነት ቀሪቡኒ ስለ ዝበለኒ’የ ትፈልጦ እንተለካ ብምባል ኣልዒለልካ በሎ።

<u>ሃይለ መንቆርዮስ፡-</u> ኣነ ኣናሓለፍካ ዝጋጮ ዘረባ ይሰምዕ ኣሎኹ። እሞ ሰለሙን እታ ቴፕ ሃባ። እዚ ቴብ’ውን ንላዕለዋይ ደርቢ ኢዩ መጺኡ ዝብል ዕላል’ውን ሰሚዐ ኣሎኹ። ብዝተረፈ ንሕና ኣይንቕጻዕን ኢና፣ ነዋልድ ኢና ነቕጽዕ ክብል ሰለሙን ሓጪጩለይ። እዚ ከኣመሰረቱ ኣብ መንጎ መራሕቲ ከገራጩ ዝኽእል ነገራት ኢዩ።

እቲ ክስታት ብዙሕ’ዩ ነይሩ። እንተኾነ ብድሕር’ዚ ኣኼብኛታት ንወስኽ ተባሂሉ ድሕሪ ምስምማዕ ኣመራርጻ ብከምዚ ተወሰነ። ዘድልየካ ሰብ – ከየማኸርካ – ኣብ ኣኼባ ምእታዉ። እቶም ዝምረጹ ንከካራኸሩ ዝከእሉ ሰባት ኮይኖም ብኣፍልጦን ፍቓድን ኢሰያስ ኣፈወርቂ ክድምደም ስምምዕ ተበጽሐ። ንኣብነት ንኣፈወርቂ ተኸሉ(ኣምሓራይ) ኣይነእትዎ ተባሂሉ ድሕሪ ክንደይ ክትዕ ኣድሓኖም ብዘቕረቦ ርእይቶ፣ ማለት መን ምኧኑ መታን ሰብ ክፈልጦ ይካፈል ስለ ዝበለ፣ ከም ዝካፈል ተገብረ። ካልኦት ኣብ መንጎ ከም በዓል ተስፉኣለም፡ ዘርእማርያም ዕንዱኩር ወዘተ… ጉሩሃት’ዮም መታን ክድሕድሕዎ ይካፈል ይብሃል ነይሩ። እዚ ከኣ ነቲ ዚቐርብ ክስታት ኣብ ምርጋእ ሓጋዚ ጠባይ ኣለዎም ብምባል’ዩ።

ቀጺሉ <u>ወዲ ፈንቅል</u> ከምዚ ይብል፡- ኣብ ሓደ ቦታ ደቂስና ከሎና፣ ገብረጻድቕ ናይ ብሓቂ ንጹህ ኢዩ ነይሩ፣ ንኣብነት ሎሚ ይዝከረኒ ዘረባኡ፡ ኣነ ቀደም ኣብ ጀብሃ ከሎኹ ኣስላማይ እንተዝኸውን ዝብለሉ ግዜ ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ ነቲ ዝነበረ ናይ ሃይማኖት ስምዒት ቡንቅጥርቅጥር መበልኩዎ ነይረ። ሎሚ ከኣ ኣነ ወዲ ሓማሴን እንተዝኸውን ዝብለሉ ግዜ ኮይኑ፤ ምኽንያቱ ድማ ነዚ ዘሎ ናይዚ ሰልፍ'ዚ ኣተሓሳስባ ኣብ ኣውራጃውነት ከም ዘይህሉ ምገበርኩዎ ነይረ፡ ይብል ነበረ። እሞ ሎሚ ብጣዕሚ እቲ ኣተሓሳስባኡ ኢዩ … እናበለ ብርእይቶ ገ/ጻድቕ ኣሚኑ ወይ ኣምሲሉ ይዛረብ ነበረ።

<u>ኢሰያስ ፊናንሳ:</u>– ሎሚ ሕግና ኣብ ግብሪ እንተዘይ-ኣውዒልናዮ ብላሽ ኢዩ። ሕግና ክኽበር ኣለዎ። ነዚ ፍርድ'ዚ ሕግና ኢዩ ዝውስኖ።

<u>ኣድሓኖም:</u>– እዚ ነገር'ዚ ካብ ሱሩ እንተዘይወጸ ሰሰሬናን ከካላሽናን ከዋጽኣና ኢዩ።

እቲ ኣኼባ ብከምዚ ተዓጽዩ፤ ኣኼባ ንጽባሒቱ ተመሓላለፈ። ካብኡ ንጽባሒቱ ኮይኑ፡ ኣኼበኛታት ተወሲኾም፡ ብሓድሽ ስርዓት እቲ ኣኼባ ተጀመረ። እቲ ሓድሽ ኣኼባ ቅድሚ ኣቦ-መንበር ምምራጽ ብኢሰያስ ተወልደብርሃን ተኸፍተ።

<u>ኢሰያስ ተወልደብርሃን</u>(ወዲ ፊናንሳ)፡- እዚ ተራኺብናሉ ዘሎና ኣኼባ እናሓዘንኩየ ዝኸፍቶ ዘሎኹ፡ ድሕሪ ምባሉ፣ **እዚ ኣኼባ ሰለሙን ኣውራጃዊ'ዩ ብዝብል ኣርእስቲ''ዩ፡** በለ።

<u>ሙሴ ተስፋምካኤል</u> – ሓደ ካብቶም ሓደስቲ ተሳተፍቲ – ካብኡ ተንሲኡ፡ እዚ ኣኼባ'ዚ ሕጋዊ ድዩስ ኣይኮነን? ክብል ሓተተ።

<u>ኢሰያስ ፊናንሳ:-</u> እዚ ኣኼባ'ዚ ብመሪሕነት ኢዩ ተጸዊዑ፤ ዘየድልየካ እንተኾይኑ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ፡ በሎ።

<u>ሙሴ:-</u> ንመሪሕነት ዝትንክፍ እሞ መሪሕነት ድማ ንመሰረታቱ ጸዊዑ ዝፍረደሉ ወይ ዝናቔተሉ ቅኑዕ ኣይኮነን፡ በሎ። ብድሕሪ'ዚ ኩሉ ከኣ ሰክረታርያ ኣውጽእ ኢልና፡ ኣቦ-መንበር ኣውጻእና። ዝተመርጹ ከኣ ① ግርማይ መሓሪ ② መሓሪ ግርማጽዮን ③ሃይለ መንቆርዮስ ነበሩ። ካብዚ ከኣ ኢድካ እናልዓልካ ብግቡእ ምዝራብ ተጀመረ። ቀጺሉ ነቶም ሓደስቲ ተሳተፍቲ – ሰለሙን ኣውራጃዊ'ዩ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ – ዝሓለፎም ነገራት ክጽሒፉ ዕድል ተዋሀበ። ክስታት ተጻሒፉ ካብኡ ቀጺልና ኣብ ትንተና ክስታት ድሕሪ ምእታው ከኣ ኣፈወርቂ ኣምሓራይ ከምዚ ይብል፡

<u>ኣፈወርቂ ተኽሉ</u> (ኣፈወርቂ ኣምሓራይ)፡- ኣብዚ ሰልፊ'ዚ ናይ ሽመት ውድድር ኣሎ። እቲ ኣውራጃውነት መልክዕ ሒዙ ዝመጽእ ዘሎ ክልተ ምፍሕፋሕ ናይ ሽመት ውድድር ስለ ዘሎ ኢዩ። ስለዚ ንሕና ዋላ ከምቲ ዝበሃል ዘሎ እንተዝነብር፡ ንሓደ ሰብ ቀቲልና ወይ ሓኒቕና እዚ ሰልፊ'ዚ ዝዕረ ኣይኮነን። ስለዚ ንሕና ከም ተጋደልቲ መጠን ካልእ መፍትሒ ክንርኢ ኣሎና። እምበር እዚ መፍትሒ ኣይኮነን።

<u>ወዲ ፈንቅል:-</u> ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ክሲ ዘሎዎ ክኸሰስ ይኽእል ኢዩ። ከምዚ ብተደጋጋሚ ድሕሪ ምዝራብ በዓል ዘርእማርያም ዕንድኩር ክኸሱ ጀመሩ።

<u>ዘርእማርያም ዕንድኩር:-</u>

1. ንሕና ብወገና ኣብ ናላይ ኣብ ዝነበርናሉ እዋን መቕጻዕቲ ምስ ተቐጻዕና፣ ኣስመሮምን ስዩምን ንዓና ነቶም ቅጹዓት፡ ንሕና ብረትና ካባኻትኩም ኣውሪድና ኣብ ጎቦ እንተሓባእናዮ ኣይግድሰናን'ዩ ኢሎሙና፡ ስለምንታይ?
2. ሓደስቲ ዝኽተቡ ከመጹና ከሎዉ፣ ግሊኦም ይኽተቡ፡ ካልኦት ድማ ይኽልከሉ፣ ስለምንታይ?

<u>ጸጋይ:-</u> ነዚ ናይ ዘርእማርያምን ካልእ ንሱ ዘይፈተዎ ሕቶታትን፡ ተቓዉሞኡ ወሰን ኣይነበሮን። ንኹሉ ምኽንያት እናፈጠረ ከዓጽዎ ይፍትን ነበረ።

ሙሴ ንወዲ እዮብ ክኸሶ እንክሎ ከም’ዚ ይብል፡-

1. ወዲ እዮብ – ንኣይ – ኣብርሃም ተስፋይ ምስ ተሰውአ፡ ካብተን ባጎኒኻ ሓንቲ ጸዲፋ ኢልካኒ
2. ንኣይ ንስኻ፡ ንሕና ኣብ ኮራኹር ኣይንኣምንን ኣብ ስሬና ኢና ንኣምን ኢልካ መጺእካ ሓኒቕካኒ
3. ኣብ ስንቂ ብምምልላስ ገሊኦም ዝልገሰሎም ካልኦት ድማ ዝኽልከሉ፡ ምኽንያቱ እንታይ ኢዩ?

ቀስ-ብቕስ እቲ ኣኼባ ብዘይ ምርድዳእን ብምንህሃርን ቀጸለ። ኣብ መንጎኡ ከኣ ኣድሓኖምን ሙሴን ተነሃሃሩ’ሞ፡ ኣቦ-መንበር ጠጠው ኣበሎም።

ኣድሓኖም ንሙሴ፡- ንዓ ውጻእ በሎ። እቲ ኣኼባ ብከምዚ እናቐጸለ፡ ተመሊሱ ኣድሓኖም ክልተ ግዜ ከካላሽና ክዓርቀና ኢዩ፡ እናበለ ፈከረ።

ቀጺሉ ወዲ ሽሪፍ፡- ኣነ ከም ዝርዳኣኒ ዘሎ፡ እዞም ሓደ ጸግዒ-ድፋዕ ናይ በዓል ኢሰያስን፡ ኣስመሮምን ወዘተ… እቶም ካልኣይ ሸነኽ ከኣ ናይ ሰለሙን ኢኹም፡ በለ።

ኣፈወርቂ ኣምሓራይ፡- እወ ንሕና ጉሩፖ ናይ ሰለሙን ኢና፤ እዚኣቶም ከኣ ጉሩፖ ናይ በዓል ኣስመሮምን ተወልደን ወዘተ… ኢዮም። ሕጂ ብጽቡቕ፣ ማለት ከይተሃላለኽና፣ ንካታዕ። ኣነ እዚ ኣኼበይና ክሳብ ዝፈልጦ እየ ሽጣራታት ክጥቀም ዝወዓልኩ፡ በለ።

ጸጋይ ተንሲኡ፡- ኣሕሩእ ኢኹም፣ ረሳሓት፣ መሳፋሕቲ … እናበለ፡ ዕጥቁ ብምልዓል ተንሲኡ ክኸይድ ከሎ፤ ኣቦ-መንበር፡ ውጻእ ኪድ በሎ። ካብኡ ኣኼባ ቀጸለ።

ኢሰያስ ፈናንሳ፡- ሓደ ካብቶም ኮራኹር ተባሂሎም ዝሕመዩ ስለ ዝነበረ ክከላኸል ይፍትን’ሞ ም኿ን ምስ ኣበዮ፡ ኣነ ወዲ ሓማሴን ስለ ዘይኮንኩ ኢዮም እናበለ ምዕዝምዛም የስምዕ ነበረ።

ካብ’ዚ ሕጂ’ውን መስዩና፡ ኣኼባ ንጽባሒቱ ተመሓላለፈ። ንጽባሒቱ ግዜ ኣኼባ ኣኺሉ፣ ኣቦ-መንበር ኣኼባ ከፈተ።

ሙሴ፡- ትማሊ ጸጋይ ብኢደ-ወነኑ እናተጻረፈ ተንሲኡ ከይዱ፤ ሎሚ ኣብ ኣኼባ እንሆ፡ ከም ዝደለዮ ከይዱ ማለት ድዩ? መልሲ ካብ ኣቦ-መንበር ከይተዋህበ፣ ጸጋይ ተንሲኡ ንሙሴ ብሰደፍ ጠበንጃ ዘበጦ። እንተኾነ ክመውት ኣይከኣለን። ንጸጋይ ሒዝና ምስ ኣሰርናዮ ከኣ፣ ንሙሴ ናብ ሕክምና ኣብጻሕናዮ። ካብኡ ዓሰርተ-ደቒቓ ኣይገበርናን …

ወዲ ፈንቅል፡- ጸጋይ ብቡርቱዕ ተኣሲሩ ስለ ዘሎ ረኣይዎ በለ።

ወዲ ይትባረኽ፡- ኣነ ኣብኡ ጸኒሐ፡ ኣዝሊቕሉ ኣሎኹ በለ።

መሓሪ፡- ቅድም ግዳ – ምናልባት፡ እዚ ወዲ ሞይቱ ከይከውን – ሕክምና ኬድና ዘይነረጋግጽ፡ ክብል ሓተተ። ብዝኾነ ጉዳይ ሙሴ ብዙሕ ተገዳስነት ኣይረኸበትን።

ወዲ ፈንቅል፡- ድሓን ኢዩ ዘሎ፤ ጸጋይ ከኣ ሓሪቑ’ዩ ሃሪሙዎ፡ እናበለ ከደዓዕስ ፈተነ።

መብራህቱ፡- ትቕብል ኣቢሉ፣ ድሓን ጸጋይ’ኳ ድልየቱ ስለ ዘይረኸበ’ዩ፤ ግና ሕጂ ኣኼባና ንቐጽል፡ ኢሉ ተዛረበ።

ካብኡ መራሕቲ፡ ካብ’ቲ ተኸሲሶምሉ ዝነበሩ ክስታቶም ከብርሁልና፡ ንሰዓት 9 ተዓዲሞም ስለ ዝነበሩ፡ መጹ። ኣስመሮም ፈሊጡ ክነሱ፡ ናብተን ታሕቲ ዝነበራ ሓይልታት ከደ። ኢሰያስን ሰለሙንን ግና መጹና። ወዲ እዮብ ከኣ ብስራሕ ምኽንያት ከም ዝተላእከ ፈሊጥና።

ዘርእማርያም ዕንድኩር፡- ንሕና ከይፈለጥና ኣብ ደልሃመት ከተእትዉና መዲብኩም ኔርኩም። ኣነ ኣብ’ዚ ኣኼባ’ዚ ዝተረዳእክዎ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ኣነ ግና ኣብ ገራግር ተሪፉ ኢለ-እምበር፣ ብሰሙን ዘይውዳእ ክስታት ነይሩኒ። እንተኾነ

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ብዙሕ ነገራት፡ ቲከቲካት ኣለዎ። ኣብ'ዚ ኣኼባ እናተባህለ ብጠበናጁ ጌርካ ኮራርምቲ ሰብ ምስባር ኣለዎ'ዩ ጉዱ። ናይ'ዚ ብልሃት ኣይጭረስን'ዩ፡ ብምባል ዘረባኡ ጨረሰ።

<u>ሰለሙን ወልደማርያም፡-</u> ኣነ እዚ ኣኼባ'ዚ ዕላምኡ እንታይ ምኻኑ ጽቡቕ ጌሩ ይርድኣኒ'ዩ፤ እናበለ ረሲኑ ድሕሪ ምዝራብ፡ ኣቦ-መንበር ድማ ኮፍ በል! በሎ። ሰለሙን ኮፍ ምባል ስለ ዝኣበየ ከኣ፡ ብረቱ ኣሕዲግና ካብ ኣኼባ ሰደድናዮ።

<u>ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡-</u> እዚ ኣኼባ'ዚ ነዚ ዘሎ ግርጭት ዝፈትሕ ኣይኮነን። እዚ ኣኼባ'ዚ ካልእ ነቓዕ ዝደሊ ኢዩ። ብሓጺሩ ሕጂ ሙሴን ጸጋይን ዘባእስ ዋላ ሓንቲ ኣይነበሮምን። እንተኾነ ኣብ'ዚ ዝተጠንሰ ሓሳባት ስለ ዘሎ'ዩ፣ እዚ ግርጭት'ዚ ናይ መጀመርያ ኣይኮነን። ዘጥፍኦ ዝነበርኩ ግርጭት'ዩ። ግን እዚ ተጠኒሱ ዘሎ ሸሞንተ ወርሒ ኣኺሉ ክውለድ ቀሪቡ ዘሎ ነገር ጥራይ'ዩ ንዓታቶም ነቓዕ ኮይኑ ዘሎ። ስለዚ ንኣይ ግደፉለይ በለና።

<u>ወልደንክኤል ሃይለ፡-</u> ኣባና እምነት የብልካን ማለት ድዩ? ኢሉ ንኢሰያስ ሓተቶ።

<u>ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡-</u> ኣነ እምነተይ ኣብ'ዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ቆራጽነተይን ገስጋሲ እምነተይን ኢዩ። ኣብ ነብሰይ እምነት ድማ ወሰን የብሉን። ግና ኣብ'ዚ ናይ ተበለጽቲ ነቓዕ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ንኣብነት ዘርእማርያም እንተወሰድና፣ ሓንቲ ቅንዕና ጥራይ ሒዙ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። በዘን ቍሩባት ዓቕመይ ድማ ክታለል ይኽእል'ዩ። ስለ'ዚ ከኣየ ንኣይ ሕደጉለይ፣ ባዕለይ ከዐርዮ እየ ዝብል ዘሎኹ፣ እናበለ ብንዕቀት ውሳኔኡ ገለጸልና።

ካብ'ዚ ሓደ-ሓደ ሰባት'ውን ባዕሉ ኢሰያስ የዐርዮ፣ ባዕሉ ይዕረቆም እናበሉ ተወሳኺ ርእይቶ ስለ ዝወሰኹሉ፡ ካልእ ዕድላት ዕጹው ነይሩ። ኣብኡ ድማ ደው በልና። ብድሕሪ'ዚ ኢሰያስ ሓዲጉና ከይዱ፣ ዝተረፍና ንነቃቐፍ ኢልና፡ ነቐፌታ ጀመርና።

<u>ኣፈወርቂ ተኽሉ</u>(ኣምሓራይ)፡- ኣነ ደጋጊመ ሓደራ ዝበለኩም፡ ነዞም ሓረስቶት ዝነበርኩም ኣብ መጻወድያ(ካሚን) ከይትኣትዉ ኢዩ። ኣብ ካሚን ክትጥሕል ቀሊል'ዩ፤ ካብ ካሚን ንምውጻእ ግና ብጣዕሚ ብርቱዕ ኢዩ። ስልዚ ኣነ ዝገብሮ ዝነበርኩ ሸጣራታት ካብ'ቲ ኣቲናዮ ዝነበርና ካሚን ንምውጻእ እዩ ነይሩ፣ በለ። ቀጺሉ፡ ንሕና እዞም ተመሃሮ ንፉለጥ ኢና። ስለዚ ንስኹም ተሰበኹቲ ኣይትኹኑ፣ ክትጥንቀቑ ኣለኩም፣ ብምባል ደምደመ።

<u>ኣድሓኖም</u>፡- ንኣይ ኣይትፈልጠንን ኢኻ። ግና ንስኻ ኢኻ ተበላጺ በሎ።

ካብ'ዚ ኣኼባ ተወዲኡ ንጸጋይ ቀሺ ፈቲሐሞ፡ ምጉዓዝ ኮነ። ኣብ መገዲ ድማ ንመብራህቱ፡ ንስኻ'ኸ ኣብ'ቲ ኣኼባ እንታይ ኢኻ ትብል ዝነበርካ? በልዎ።

<u>መብራህቱ፡–</u> እቲ ዝሰማዕክዎ እየ ዝበልኩ፡ ኢሉ መለሰ። ስለምንታይ ንስኻ'ኸ ንሙሴ ሃሪምካዮ?

ቀጺሉ <u>ወዲ ፈንቅል፡-</u> ስማዕ መብራህቱ፡ ንሕና ናይ ግብሪ ዓይነት ሰብ ኢና። እዚ ኣጠዋዋይ ዘረባ የብልናን። እዚ ፖለቲካ-ምቓዕ ኢዩ።

<u>መብራህቱ፡-</u> ብዛዕባ ግድማና እንተኾይኑ ካልእ ነገር'ዩ። ብዝተረፈ፡ ንሕና ከም ተጋደልቲ፡ ሓደ-ሓደ ግዜ ርእይቶና ክፈላለ ይኽእል'ዩ። እሞ ኩሉ ግዜ ሓደ ንኹን ክትብል ኣይግባኣክን ኢዩ። ብዝተረፈ ካብቲ ምኽርና ብዙሕ ዝረሓቕኩ ኣይመስለንን፣ ተበሃሀሉ።

<u>////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////</u>

November 12, 2016

Teclesenbet Teclai

Germany

*****እዚ ሰነድ ኣብ ደርዓ/ዓረት ዚተባህለ ዓዲ ኣብ ዚኒበረ ናይ ተሓኤ ዚኾነ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ጸጥታ ብወርሒ ታሕሳስ 1976 ዚተረኽበ'ዩ። ኣብ ማእከል ፋይላት ጸጥታ ኣብ ውሽጢ ንህዝባዊ ሓይልታት ዚምልከት ፍሉይ ፋይል ዚብል'የ ረኺበዮ። መደበይ ቀዋሚ ብዘይ ምንባሩ ተመሊሰ ክረኽቦን ከይረኽቦን ርግጸይና ኣይነበርኩን፤ እዚ ሰነድ ድማ ፍሉይ ኣገዳስነት ርእየሉ። የግዳስ ናይ ምስኣሉ ተኽእሎ ስለ ዘይነበረ ቅዳሕ ክወስድ ኣይከኣልኩን። ሓንቲ ምርጫ ዚነበረትኒ ብኢድ ምድቃሉ'ዩ። ከምኡ ድማ ገቢረ፣ ኣድቂለዮ። ሎሚ ብጥስጣስ መዘክራተይ ከገላብጥ ክብል ድማ ረኺበዮ፣ እንሆ'ኳ ምሳኻትኩም/ክን እካፈሎ ኣሎኹ። እቲ ጸብጻብ ዚህብ ዘሎ ሰብ ካብ ህዝባዊ ሓይልታት ናብ ተሓኤ ዚሰገረ ተጋዳላይ ክኸውን ኣለዎ። ኣነ ሽዑ ካብ መን'ዩ ተረኺቡ እቲ ዶኩሜንት ኣየጻሬኹዎን፣ ሕጂ'ውን መን'ዩ ዚሓበረ ዝፈልጦ የብለይን። የግዳስ ጉዕዞ ተጋዳላይ ወትሩ-ዘብዘብ ስለ ዚኾነ፣ ምናልባት'ውን ዋና'ዛ ሰነድ ብሂወት ሃልዩ፣ ኣነ'የ ይብለና ይኸውን።

**¶¶¶¶ተፈጸመ¶¶¶¶**

**Teclay** NOVEMBER 16, 2016

Teclesenbet Teclai

Very interesting document,but now it is almost irrelevant except for historians …Having said that you kept this information for 40 years ,so i must admit you must have been already an intelligent person ,to be interested and trying to look for such information as early as 1976 ….My questions;

1,,Why didn you keep all the time ?? Why didn't you make public at-least in the 80s ,???

2,,You were an intelligent person,and you knew well your Jehadi ELF ,,,and 1976 you had this information about Mafia EPLF .In other words you knew both orgs were not worth sacrificing your life …So ,why do you continue to be the member of the absurd Orgs ,for such a long time ??

3,,Do you regret for not releasing early ??

I believe ,had you released in the 70s or 80s ,it might have changed a lot.

- 